# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.174 ሓሙስ 21 መጋቢት 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
"ዓሰበይ፡ እቲ ኣብ መንእሰያት ዘሕደርክዎ ጽልዋ . . .



ገጽ 3
ሳሊና - ምንጪ ብቕዓት ዝተረጋገጸ ውሑስ ጨው


ገጽ 4
"ምኽሪ ካብ ብዓል ታክሲ"


ገጽ 5
ዝተመቕለት ልቢ


ገጽ 7
ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ምዕሩግ ኣቀባብላ ተገይሩላ



## ሰ/ቀ/ባሕሪ - መደባት ልምዓት ንምድንፋዕ ውህደት ኣካላት ክሕይል ተሓቲቱ

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ መደባት ልምዓት ንምድንፋዕ ውህደት ኩሎም ኣካላትን ህዝብን ክሕይል - ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ኣዘኻኺሩ።

እዚ መዘኻኸሪ'ዚ ዝሃለፈ፡ ካብ 4 ክሳብ 16 መጋቢት ኣብ ዝነበረ መዓልትታት፡ ብዝተኣሳሰሩ ዞባታቱ - ንጥፈታት 2023 ብምግምጋም ኣብ መደባት 2024 ኣብ ዝተዘርዘሩ ርክባት እዩ።

ኣብ'ቲ ኣኼባታት፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ምምሕዳራት ከባብን ወከልቲ ህዝቢ፡ ውዳበታት ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ካልኦትን ተሳቲፎም።

ኣብ'ቲ ኣብ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ድሕነታውን ፖለቲካውን መዳያት ናይ ዝተዓመ ስራሓትን ኣብ መጻብቦ ህዝቢ ዘምጽኦ ምምሕያሻትን ጸብጻባት ዝቐረበሉ ኣኼባታት፡ ዳግመ-ውዳበ ጉጅለታት ህግደፍ፣ ኣባርኽቶ ህዝብን ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣብ ምስሳን ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን ምሕብሓብ





ስድራ-ስውኣትን፣ ከምኡ'ውን ዝተወደበ ስልጠናታትን ብዝሳተፍ ህዝቢ ዝተዓመ ወፈራታትን ብሰፊሑ ተዘቲዩሉ።

ኣብ ኩሉ መዳያት ዝተሳለሰ መደባት፡ ኑቲ ናይ 2024 መንጠሪ ባይታ ስለዝኾኑ፡ ብሓያል ውዳበ ክስራሓሉ ከምዝስራሓሉ ድማ ተገሊጹ።

ተሳተፍቲ፡ ሽግር ዝሰተ ማይ ንምቕላል ኣብ መጸናዕቲ ዝተመርኮሰ ስጉምትታት ክውሰድ፣ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ገልዓሉ፡ ፎሮን ኣደብሓን ዘሎ ጸገማት ቴሌፎንን መጓዓዝያን ፍታሕ ክርከበሉ፣ ቀረብ ኣማራጺታት ጸዓት ክውሓሰ፣ ክፍሊት ኣገልግሎት ኤለትሪክ ዳግመ-ግምት ክግበረሉ. . . ዝብሉን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።



## ኣብ ዓዲ-ተከሌዛን ንፉዓት ተመሃሮ ተሸሊሞም

ኣብ ዓዲ-ተከሌዛን እትርከብ ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ናቕፋ፡ ኣብ ዓመት-ትምህርቲ 2022/2023 ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘምጽኡ 10 ተመሃሮኣ ኣብ ዝርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሸሊሞም።

ብ15 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር 2023/2024 ልዕሊ 90 ሚእታዊት ነጥቢ ዘመዝገቡ 38 ተመሃሮ 9ይ ክሳብ 11 ክፍሊ፡ መተባብዒ ሽልማት ተዓዲሉ።

ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ወልደየሱስ ፎቶ፡ እቲ መደብ ዕላማኡ - ንዚያዳ መንፋዓት ንምድራኽን ኣብ ሓድሕድ ቅዱስ ቅንኢ ንምፍጣርን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ተረኺቡ ዘሎ ዓወት፡ ናይ ኩሎም ኣካላት ውጽኢት ምዃኑ ብምዝኽኻር ድማ፡ ንምዕቃቡ ብዝሓየለ ክስራሕ ተላቢዩ።

እታ ቤት-ትምህርቲ፡ ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ርኡይ ኺጋስ ተመዝጊቡ ከምዘላ ሰነዳታ የረድኡ።

## ዝኽሪ ምድምሳስ 'ናደው እዝ' ብኽብ ዝበለ ድምቀት ተጸምቢሉ

ዝኽሪ መበል 36 ዓመት ምድምሳስ ናደው እዝን ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን፡ ብ19 መጋቢት ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተጸምቢሉ።

እቲ ጽምብል፡ ብሰልፊ ሰራዊት፡ ህዝብን ተመሃሮን፣ ከምኡ'ውን ኑቲ ታሪኻዊ ቅያ ብዘንጸባርቕ ጭርሖታትን ባህላዊ መሰናድኣታትን ደሚቑ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ረዘነ ኣዶናይ፡ ላዕለዎት ሰራዊትን ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝብን ዝተሳተፎ ስነ-ስርዓት፡ ብስም ኮሚቴ በዓላት ዝቐረበ ቃል - ምድምሳስ 'ናደው እዝ' ሕቶ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ብምስባር ቢሮ ናጽነት ዘርሓወ ምንባሩ ኣረዲኡ። ዓመት መጽኣ ዝገበር ዝኽሪ፡ ኑቲ ቅያን ፈጻምቱን ክብሪ ብምሃብ - ኑቲ ታሪኽ ናብ ሓደስቲ ወለዶ ንምስግጋሩ ዝዓለመ ከምዝኾነ እውን ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ረጀብ ድማ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ዝኽሪ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፣ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ብሓያል ናይ መኸተ ያታኡ ዓወቱ ዘመስከረሉ እዋን ብምጽምባሉ፡ ፍሉይነት ከምዘለዎ ኣገንዚቡ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ 17 ክሳብ 19 መጋቢት 1988 ብዘካየዶ በርቃዊ መጥቃዕቲ፡ ኑቲ ልዕሊ 20 ሽሕ ሰራዊት፡ እልቢ ዘይብሉ ዘመናዊ ኣጽዋርን ሶቭየታውያን ኣማኸርትን ዓጢቑ ዝነበረ 'ናደው እዝ' ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ከምዝደምሰሶ ይፍለጥ።



# ሳሊና - ምንጪ ብቕዓቱ ዝተረጋገጸ ውሑስ ጨው


መርሃዊ ገብረሚካኤል
ስእሊ - ሳልሕ ዓብደልቃድር
ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል



ኣቶ ዳዊት ኣሰፋው

*ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ክፋላት፡ ትካል መፍረ ጨው ሳሊና ብዝነበ ዝሓለፎ ታሪኽ ገለፃ ኣገዚብ ኣተዓዩደና ጨው ካብ ባሕሪ ማጠን ሕፍሰት ጨው ቀይሕ ባሕሪ ተራ መሻርኸቲ ኣብ ምፍራይ ጨው፡ ማስርሕ ኣተሓዋውሳ ኣየዲን ኣብ ጨው፡ ከምኡ'ውን እቲ ትካል - ጨው ካብ ምፍራይ ሓሊፉ ዘኪዩዶም ካልኣት ንጥፈታት ብዝምልከት፡ ምስ ኣካይዲ ስራሕ ናይቲ ትካል ኣቶ ነጋሲ ጉይትኦም ዘቐደናዮ ቃለመሕትት ኣቕሪብና ነይርና። ንሎሚ ከኣ ሳልሳይን መወዳእታን ክፋሉ ነስዕበልኩም - ሰናይ ንባብ-*

**ኣቶ ነጋሲ ጉይትኦም፡ መጻኢ መደባት ናይዚ ትካል እንታይ ይመስል?**

"ኤርትራ ካብ ኣርባዕተ መዓዝኒ ዝወጽኣት ሓዳስ ሃገር ከም ምዃና ማጠኑ ብዙሕ ጸጋማትን ብደሆታትን እዩ ዝጸጥማ ዘሎ። እዚ ይኹን እምበር፡ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ነቲ ዘለዎም ጸጋታት ከም ብዙሕ እናጠመቱ ነቲ ዘይበሎም ድማ ኣብ ዝተወሰነ ግዜን ኩነታትን ንምምላኡ፡ ኣብ ቀጻሊ ጻዕሪ ደርከቡ። ብሓፈሻ ነዚ ብዝተፈላለዩ ኣንፈታት ዝጸጥመና ዘሎ ብደሆታት ንምምካት፡ ቀጻሊን ዘይሕለልን ቃልሲ ከም ዘድልየና ብሩህ እዩ፡ ተጻብኦትና ወግሐ ጸበሐ ዘጋውሕዎ ጠቕነ ካብ ባዶ ዝተበገሰ ኣይኮነን። እቲ ምኽንያት፡ ባህርያውን ታሪኻውን ጸጋታት ሃገርና ስለ ዘፈልጥዎ እዩም። ነዚ ኣብ ከርሲ መሬትናን ባሕርናን ተዓቒሩ ዘሎ ሃብቲ ንምግሓጥ ድማ እዮም ካብ ከንቱ ሃተፍተፍን ሃንደፍደፍን ኣዕሪፎም ዘይፈልጡ። ጨው እውን ሓደ ካብቶም ተጠማቲ ባህርያዊ ጸጋታትና እዩ። ትካል መፍረ ጨው ሳሊና፡ ከም ካልኦት ጸላታት ኣብ ቀጥባዊ ኣማኢዚ ተራ ንኽህልዎ እንገዝቦ ንጥፈታትን መደባትን ወሰኑቲ እየም። በዚ መሰረት፡ ትካልና ፍርያቱ ኣብ ዘቤታዊ መዓላ ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ምስ ኣብ ዓለም ዘለዋ ዓበይቲ ትካላት መፍረ ጨው ተወዳዳሪ ክኸውን እዩ ቀንዲ ኣተኩሮ ሂብና እንሰርሓሉ ዘለና። ፍርያት እዚ ትካል ብዝተዓጻጸፈ መጠን ኣዛዩድካ፡ ካብ ሰደድ ጨው ብዝርከብ ሸርፊ ቁጠባዊ ርጉእነት ንምስፋሕ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ መፍረ ጨው ሳሊና ልዑል ግደ ክህልዋ ዝኽእል መጻረዪ ጨው ምትእትታው ኣገዳሲ እዩ። እዛ መሳርሒት ንኹሉ ማስርሓት ጨው እተማልእ ኣውቶማቲክ ብምዃና፡ ዝያዳ'ቲ ካልእ ዘመናዊ መሳርሒ ኣገዳሲት ይገብራ። ስለዚ፡ ነዛ መሳርሒት ንምትእትታው እውን መደብ ኣሎና። እዚ ኣብ ሳሊና - ባጽዕ ተደኲኑ ዘሎ ኩሉ ዓይነታት ማሽነሪታት፡ ኣብ 2025 ኣቢሉ ሓደሽቲ ስትራተጂያዊን ግራት ጨው ሓሊባይ፡ ብዓይነት ፍልይ ብዝበለ ወጥን ክትከል ድማ'ዩ እቲ ቀንዲ መደብና።"

**ኣብ ትካል መፍረ ጨው ሳሊና ሓላፊ ጨንፈር ምርግጋጽ ብቕዓት ኣቶ ዳዊት ኣሰፋው ብወገኑ፡ ብዛዕባ ጨው ሳሊናን ብደሆታትን ከብርህ እንከሎ-**

"ትካልና ዘፍርዮ ዓይነት ጨው፡ ንኹሉ'ቲ ጨንፈር ቁጽጽር ብቕዓት ዝሓለፈ ጠለባት ዘማልአ እዩ። ሳሊና ኣብዚ ግዜዚ ድኹም ጨው ኣብ ናይ 500 ግራም፡ ፍሩይ ጨው ከኣ ኣብ ኣይ 10 ኪሎ ግራምን 50 ኪሎ ግራምን መትሓዚ ዓሺጉ ዘፍርን ዘፈናፍልን ዘሎ ትካል እዩ፡ ቀንዲ ዕላማና ድማ፡ ጨው ወይ ሶድዩም ክሎራይድ ኣፍሪካ ምሻጥ እዩ። ቀይሕ ባሕሪ ከኣ፡ ነዚ ዕላማዚ ኣብ ምውቃዕ መሰረታዊ ረቛሒ ይኸውን። ኣብ ዓለም ዝለዓለ መጠን ሕፍሰት ዘለዎ ማይ ጨው፡ ወሸመጥ ፋርስ እዩ፡ ንሱ ተኸቲሉ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ከኣ ቀይሕ ባሕሪ እዩ። ካብ 3.5 ክሳብ 4 ቡመ ከኣ ይበጽሕ፡ መፍረ ጨው ሳሊና፡ ባሕሪ ዝመሰረቱ ምንጩን ቀጻልነቱን ዘይጸፍ ብምዃኑ፡ ተደላይነቱ ልዑል እዩ።

ኣብ ወሽጢ መዐሸጊ ወይ ከረጺት ናይ 10 ኪሎ ግራምን 50 ኪሎ ግራምን ጨው፡ 'ፖልዩቲያም ፓግ' ዝበሃል ፕላስቲክ ኣሎ። እዚ ዓይነት ፕላስቲክ እዚ፡ ህላወ ኣየዲን ኣብ ጨው ንኸይሃፍፍ ዝሕግዝ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ጠሊ ዝለኣኸ 'ፕረስፒፒትዩድ ሳሊካ' ዝተባህለ ጨው ንሓድሕዱ ከይተተሓሓዘ ንኣገልግሎት ድሉው ክኸውን ዝሕግዝ ባእታ ይኣትዎ እዩ። ኣብ ሳሊና ዝፈሪ ጨው ጽሬቱ ዝተሓለወ፡ ብቕዓቱ'ውን ዝተረጋገጸ እዩ። ኣብ ሃገርና - ኣብ ባጽዕን ዓሰብን ጨው ዘፍርያ ክልተ ትካላት ኣለዋና። ብዘይካ እዚኣን ብኸልኦት ውልቀ ሰባት ዝፈሪ ጨው'ውን ኣሎ። እዚ ድማ'ዩ እቲ ቀንዲ ቆላሒታ ዘድልየ። ጠመተ የድልዮ ዘበሎና ዘሎ ምኽንያት - ብውልቀሰባት ምፍራይን ዘይምፍራይን ዘይኮነስ፡ እቶም ውልቀሰባት ኣብ መስርሕ ዝኽተልዎ ኣገባብ ኣፈራርያ ጨው እዩ። ንሶም፡ ነቲ ናይ ባሕሪ ማይ ብቐጥታ ናብ ሓደ ዒላ እዮም ዝመልእዎ። ብድሕሪዚ፡ እቲ ማይ ብምሉኡ ሃፊፉ ክሳብ ዝውዳእ ይጸንሑ'ሞ፡ ብድሕሪኡ ነቲ ጨው ሓፊሶም ኣብ ዕዳጋ የውዕልዎ። ኣብዚ ከኣ'ዩ እቲ ቀንዲ ጸገም ዘሎ። እዚ ኣሰራርሓ'ዚ ዘይቕቡል እዩ፡ እቲ ብኸምዚ ኣገባብ ዝፈሪ ጨው ክትርጸዮ ከለኻ ኣዚዩ ጻዕዳ ሕብሪ እዩ ዘውንን። ተገልገልቲ ከኣ ንሕብሪ ከም ቀዳማይ ረቛሒ ብምጥማት ክመርጽዎ ጸኒሖምን ኣለዉ። እንተኾነ እቲ ንደረጃታት ብቕዓት ብግቡእ ኣማሊኡ ዘይሓለፈ ጨው፡ ንሶም ኣብ ወሽጢ ዝርከቡ ከም ጁብሶን ማግኒዝዩም ክሎራይድ፡ ሳልፈት ክሎራይድ ዝኣመሰሉ ጉዳኣቲ ባእታታት ክኣልዩዎ እንከለዉ፡ ኣብ'ዞም ብውልቀሰባት ዝፈሪ ጨው ግና ኩሎም እዞም ከሚካላት እዚኣቶም ኣይወገዱን እዮም። ብሓፈሻ እዞም ባእታታት እዚኣቶም ኣብ ጥዕና ደቂ-ሰብ ከቢድ ሓደጋ ዘውርዱ ስለዝኾኑ፡ ብቐጥታ ክእለዩ ዘለዎም ብምዃኖም፡ ሕብረተ-ሰብ ምንጪ ዝጥቀመሉ ዓይነት ጨው ክፈልጥን ክርዳእን ይግባእ።

ኣብ ዕዳጋ ዝዝርጋሕ ወጽኢት ፍርያት ሳሊና ዝኾነ ጨው፡ ምስቲ ናይ ብሕቲ ክዳጸር እንከሎ ብዋጋ ናይ ሐደት ፍልልይ ኣለዎ ወይ ቅሩብ ክብሪ ዝበለ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ዘይከም'ቶም ናይ ብሕቲ ኣፍረይቲ ጨው፡ ቀሊል መስርሕ ስለ ዘይሓልፍን ዘይክተልን እዩ። ሰብ ኣብ ክንዲ ብዓይኒ ጥዕና፡ ዝያዳ ብዓይኒ ዋጋ ጠሚቶም እዮም ነገራት ክሽምቱ ዝደልዩ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ክንዲ ጥዕናኡ ዝሓለወ ጨው ዝጥቀሙ፡ ብዙሕ ፍቓደኛም ብቕዓቱ ዘይተረጋገጸ ሕሱር ጨው ሸሚቶም ክጥቀሙ ይፍትኑ'ሞ፡ ኣብ መወዳእታ ግዳይ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ክኾኑ ይረኣዩ።

ጨው ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ንኸተፍርዮ ከቢድ ጉልበታዊ ሓይሊ ዝሓትት እንዳስትሪ እዩ። ብዘይካ'ቲ ብማሽነሪታት ዝቐየድ ዕማማት፡ ብጉልበታዊ ሓይሊ ዝቐየድ ንጥፈታት'ውን ኣለዉ። ትካል መፍረ ጨው ሳሊና፡ ነቲ ዘለዎ ናይ ዋሕዲ ሰራሕተኛታት ጸገም ንምቅላል፡ ዝተፈላለዩ ሜላታት እናተጠቐመት ፍርያታ ኣብ ምዝርጋሕ ትሃጥፍ ዘላ ፋብሪካ እያ። የገዳሲ ሕጽረት ናይ ጉልበት ሰራሕተኛታት፡ ሕጂ'ውን እቲ ቀንዲ ብደሆ ናይዛ ትካል ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ ረቛሒ እዩ" ብምባል፡ ሞያዊ ትዕዝብትታቱን ርእይቶኡን ኣካፊሉ።

ኣብዚ ሕጂ ዝጅመር ዘሎ ሰፊሕ ግራውቲ ጨው ሓሊባይ ሓላፊ ንኡስ ጨንፈር ቴክኒክ ምህርቲን ምምሕዳርን ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ ኣቶ ሰለሞን ጺጋይ ድማ፡ ነቲ ኣብዚ ሓደሽ ግራት ጨው ዝቐየድ ዘሎ ዕማማት ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ-

"ትካል መፍረ ጨው ሳሊና፡ ነቲ ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዝሰላሰል ዝነበረ ግራውቲ ጨው መተካእታኡ ክኸውን ተባሂሉ ብመጸናዕቲ ዝተረኽበ ቦታ እዩ። ናይ ጨው ግራት ክስራሕ እንከሎ፡ እቲ ብደሆ ኣብ ፈለማ'ዩ ዝኸሰት። ኣቢቲ ፈለማ ሓሊባይ ክጠገስ እንከሎ ብጉልበት ሰብ ስለ ዝተጀመረ፡ ኣብ ግዜን ገንዘብን ክሳራ ከስዕብ ደርኡ ነይሩ። ምኽንያቱ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ጨው ክሕፈሶ ኣብ ዝግባእ ቦታ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ዓያዪ ጉልበት፡ ሓደ ግዜ ጥራሕ ክንሓፍስ ንግደድ ነይርና። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግና፡ ብሶላ'ተን ተዋዲደን ዘለዋ ማሽነሪታት እቲ ክሳራታት ክውገድ ክኢሉ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ እተን ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዘለዋ ማሽነሪታት ዘኾነ ተክኒካዊ ጸገማት ምስ ዘጋጥመን፡ ንምጽጋነን ዝጥፍ ጋራጅ ተተኺሉ ብንኡስ ዓቕሚ ስርሑ ጀሚሩ ኣሎ። እቲ ብልሽት ኣዝዩ ከቢድን ልዑሊ ዓቕሚ እዚ ንኡስ ጨንፈር ምስ ዝኸውንን ከኣ፡ ናብ ባጽዕ ብምልኣኽ ከምዝጽገን ንገብር ማለት እዩ። ብሓፈሻ፡ ኩሉ'ቲ ኣብ ሳሊና ዝቐየድ ዘሎ ንጥፈታት ምፍራይ ጨው ቀስ ብቐስ ናብ'ዚ ናብ ሓሊባይ ብምግዓዝ፡ ብምሉእ ሓይሊና ጨው እነፍርየሉ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ኢና ንርከብ ዘለና። ንኣብነት፡ እዛ ጋራጅ


ኣቶ ሰለሞን ጺጋይ

ሓንቲ ካብ'ተን ናብ ሓሊባይ ክሰገራ መደብ ተታሒዙለን ዘለዋ ንኡሳን ጨናፍር እያ።

ሓሊባይ፡ ሰፊሕ ግራውቲ ጨው ዝሓዘ ስፍራ እዩ። ኣብ ኻፍሲ-ወከፉ ወቕቲ ከኣ፡ ሓንቲ ግራት ጨው 6 ሽሕ ቶን ከተፍሪ እዩ ትጽበት ዝግበር። ስፍሓት ናይ ሓንቲ ግራት ጨው፡ 300 ሜትሮ ብ70 ሜትሮ ኮይኑ፡ ክሳብ ናይ ሓደ ሜትሮ (100 ሰንቲ-ሜተር) ዕምቆት ዘለዎ እዩ።"

ትካል መፍረ ጨው ሳሊና፡ ድሕሪ ዝሓለፎ ከበድቲ ናይ ስራሕ ብደሆታት፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዝበዝሐን ብዓይነትን ፍርያቱ ንምስሳን ኣብ ዕቱብ ስራሕ ተጸሚዱ ይርከብ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ሳሊና ምንጪ ብቕዓቱ ዝተረጋገጸ ውሑስ ጨው ብምዃኑ፡ ሕብረተሰብ ፍርያት'ዚ ትካል ብምጥቃም ተቓዳሲ ረብሓታት ምህርቲ ሳሊና ክኸውን፡ ኣየድቲን ሰራሕተኛታትን እቲ ትካል ኣተሓሳሰቡም።











ሽግ-ብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# “ምኽሪ ካብ ብዓል ታክሲ”

ሚርያም ዮሴፍ

ኣብ መስመር ቀሓውታ-ማእከል ከተማ እዩ። ታክሲ ክስቀል ኣብ ጽርግያ ኮይኑ ዝጽበ ዝነበረ ኣብ ዕድመ ዕስራታት ዝርከብ መንእሰይ እዩ። ንሓደ ብቕድሚኡ ዝሓልፍ ዝነበረ ብዓል ታክሲ፡ ኢዱ ወስ ድሕሪ ምባል ኣብ ጥቕኡ ደው ኣቢሉ፡ “ኣያ ኣደባባይ ትበጽሑ ዲኹም?” በሎ።

ብዓል ታክሲ፡ ናብቲ ዝተባህለ ቦታ ክበጽሕ ድዩ ኣይበጽሕን ከይመለሰ፡

“ዝወደይ ክንደይ ዓመት ምሕረት ተወሊድካ?” ሓተተ። ወዲ ድንግርግር ኢልዎ፡ ገጹ እናጠዋወየ ካብታ ታክሲ ረሓቐ። ብዓል ታክሲ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ፣

“ንዓ እቶ ክበጽሕ እየ፡” ምስ በሎ ናብታ ዝነበርናያ ታክሲ እናጉረምረመ ኣተወ።

“ዝወደይ ሕቶ ግን ሓቲተካ ጸኒሐ፡” ብምባል ዳግማይ ናብታ ዝጀመራ ዘረባ ተመልሰ።

“እወ ኣነ ግን ኣደባባይ ትበጽሑ ዲኹም እየ ኢለኩም እኮ፡ መዓስ ተወሊደ ምስ ክኸዶ ዝደለኹ ቦታ እንታይ ምትእስሳር ኣለዎ ኢለ ገሪሙኒ። ካብ ሓተትኩምኒ ግን 1998 እየ ተወሊደ፡” በሎ።

ብዓል ታክሲ “እወ ንስኻ እንታይ ጌርካ፡ ንሕና ዝበልናዮ ኢኻ ደጊምካ እምበር ኣደባባይ ክበሃል ከሎስ ዋላ’ውን ከም ሰብ ኣይተሓሰብካን ኔርካ፡” በሎ። ወዲ ዳግማይ ከይደናገር እናተጠንቀቐ፣

“ኣባህላኹም ግን ኣይተረድኣንን?” በሎም። ኣብታ ታክሲ 4 ተሳፈርቲ ኢና ኔርና። ኣርባዕቴና ድማ መንእሰያት ኢና። ኣንፈት ናይቲ ዕላል ኣይሰሓተናዮን፣ ነቲ ዝቕጽል ክንሰምዕ ግን ተጸበና።

“እዞም ደቀይ፡ እዞም መንእሰያት፡ ንነገራት ከም ዘለዎ ኣይትርዓምዎ። ስለምንታይ ከምዚ ኮይኑ፡ ብኸመይ፡ ካበይ መጺኡ፡ እንታይ ታሪኽ ኣለዎ ምባል ከኣሉ። ነዚ ወደይ መዓስ ተወሊድካ ዝበልክዎ ነታ ኣደባባይ ትብል ቃል ስለ ዘድመጸ እየ። ኣደባባይ ናትና ኣበሃህላ ኣይኮነን። ከምዚታት ክለዓል ከሎ ንዓና መግዛእቲ እዩ ዘዘክረና። ንስኹም ስለዘየርከብኩምሉ ይበሃል’ዩ ኢልኩም ኢኹም ትደግሙ። ንሕና ብሰንኪ እቲ መግዛእታዊ ሓድግታቱ ብጽቡቕ ዘይንዝክሮ ቦታታት ግን ብዙሕ እዩ። ከምዚ ዓይነት መግዛእታዊ ስንብራት ንምህሳስ፡ ድሕሪ ናጽነት መብዛሕትኡ ከባቢታት ‘ኤርትራዊ’ ኣስማት ተዋሂብዎ። እዚ ኣደባባይ ዝበልካዮ ከኣ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ዝብል ረዚን ስም ተዋህበ። ዘይከምቲ ቀደም ድማ፡ ዓበይቲ ሃገራውያን በዓላት ነኽብረሉ፡ ደቅና ካብ ሳዋ ክትመጽኡ ከለኹም ንቕበለሉ፡ ኣብ እስላማዊ በዓላትና ዱዓ፡ ኣብ ናይ ክርስትና በዓላት ድማ ቅዳሴ ነዕርገሉ ቦታ ኮይኑ ኣሎ። ቀጺሉ ከኣ ጉደና ሓርነት፡ ጉደና ተጋደልቲ፡ ጉደና ሰማእታት እናበለ ተሰምዩ።

ብዓል ታክሲ ዳግማይ ክምርምሩና ኢሎም ካልእ ሕቶ ሓተቱ።

“እዚ ስንኩላን ተጋደልቲ ኣሕዋትና ዘለውዎ ቦታ እንታይ እዩ ዝበሃል...?” ኢሎም ከምዚ ዝረስዕዎ መሰሉ እሞ ዝሓገዝና መሲልና ብሓንሳብ “ቃኘው፡” በልናዮም።

“ትርጉም ቃኘውከ እንታይ እዩ?” በሉና። ኣርባዕቴና ወልደፍደፍ ኢልና መልሲ ክንህብ ኣይከኣልናን።

“ቃኘው ሓደ ብሓይሉ ዝፍለጥ ዝነበረ ፈረስ ንጉስ ሃጸይ ሚኒሊክ እዩ። ንኽብሪ ናቱ ድማ ንጉስ ሃይለስላሴ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ሰያመ እዩ። እቲ ቃል፡ ተዓዘብ፡ ተቓነ፡ ተኸታተል ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ኣብ መፋርቕ 50ታት፡ እቲ መዓስከር ክምስረት ከሎ ድማ ብስም እዚ ፈረስ ዝተጠመቐ ቦታ እዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ ግን ኤርትራዊ ስም ኣለዎ፣ ‘መዓስከር ደንደን’ ከኣ ይበሃል። ክንድ’ዚ ዝኣክል ረዚን ስምን ኣብ ውሽጡ ረዘንቲ ሰባትን እናሃለዎ፡ ብፈረስ ናይ ዝረገጹና ገዛእቲ ክጽዋዕ ኣይምተገብኣን። መዓስከራትና ታሪኻዊ ምትእስሳር ብዘለዎም ኣስማት እየን ዝጽውዓ።



ደንደን ንሓደ ካብቲ ኣብ ናቕፋ ዝርከብ ዝዓበየ እምባ ዝውክል፡ ህዝባዊ ግንባር ንዓመታት ዓሪድሉ ካብ ዝነበረ ስፍራ ዝገልጽ እዩ። መዓስከር ዒታሮ’ውን ካብቲ ዒታሮ ዝብል ኣብ ሳሕል ዝርከብ፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ መኸዘኒ ኣጽዋራት ዝነበረ ቦታ ዝተወሰደ ስም እዩ። መዓስከር ኣልጌን’ውን ካብቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝርከብ ሩባ ኣልጌን ዝተባህለ ሓያል ውግኣት ካብ ዝንኻየደሉ ቦታ ዝተወሰደ እዩ። ዓበይትን ታሪኻውያንን ኣስማት እዮም። እዚ እናኾነ ግን በቲ ዘይውክሎም ኣስማት ክንጽውዖም ግቡእ ኣይኮነን።

“ብተወሳኺ፡ ግምጣል ቤት ጽሕፈት ፕረሲደንት ዘሎ ቦታ፡ ብናይ ቀደም ስሙ ከባቢ ማርያም ግቢ ኢልና ንጽውዖ’ውን ኣለና፡ ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ መዋኛ ዝበሃል ከባቢ ኣሎ። እዚ’ውን ቋንቋ ኣምሓረኛ ኮይኑ መሐምበሲ ማለት እዩ። ቤት ትምህርቲ ቀሃስ፡ ቀዳማዊ ሃይለ ስላሴ እዩ ዝዝርዝር። ሕጂ ዝዓበየ ኤርትራዊ ስም ወሲዱ፡ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ ዝተሰምየ ቤት ትምህርቲ እዩ። ብፍላይ እዞም ካባኹም ዕብይ ዝበሉ መንእሰያት ቀሃስ ኢሎም ዝጽውዑ ግን ውሑዳት ኣይኮኑን። ተመሳሳሊ እዚ ሕጂ ኣስመራ ሓፈሻዊ ዝበሃል ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ልኡል መኮንን ኢልካ ምጽዋዕ ቅኑዕ ኣይኮነን። ሃይለስላሴ ብስም ወዱ ዝሰመዮ ቦታ እዩ። እዚ ሕጂ ናይ ሓንቲ ካብተን ጥንታውያንን ታሪኻውያን ቦታታት ሃገርና ወረሱ፡ ኣዱሊስ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ቤት ትምህርቲ’ውን ብስም ብዓልቲ ቤቱ “ኢተገመነን” ኢሉ ዝጸውዖ ዝነበረ ቦታ እዩ። እዚ’ውን ብገለ ሰባት በዚ ናይ ቀደም መግዛእታዊ ስሙ ክጻዋዕ ንሰምዕ ኢና።

“ኣዴታትናን ኣሕዋትናን፡ ኣስቤዛ ከምጽኣ ወይ’ውን ዝተፈላለየ ጉዳያት ከሳልጣ ውዒለን፡ ብልምዲ “ኣብ ቀበሌ ጸኒሕና” እየን ዝብላ። ዱካን ሕድሪ፡ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር፡ ዝብል ግቡእ ስያመታት እናሃለወ። ብዙሕ ኣብነታት ምምጻእ ይከኣል እዩ። “መዛጋጃ ቤት” ዝብል ኣጸዋውዓ’ውን ገሌና ብልምዲ ንብሎ፡ ካብቲ ክእረም ዘለዎ ኣበሃህላ እዩ። እቲ በዚ ስም ተወኪሉ ዘሎ ቦታ፡ ኣብ ስራሕን ኣብ ኩሉ ሰነዳቱን ዘሎ ግቡእ ኣበሃህላ ምምሕዳር ዞባ ማእከል እዩ። ብፍላይ ነቲ ዝተፈላለየ ናይ ምዝገባ ኣገልግሎት ዝህብ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ምዝገባ ብልምዲ “መዛጋጃ ቤት” ብምባል ኢና ንጽውዕ።

ዕላልና እናቐጸልና፡ ኣብ ከባቢ ሓሊበት ምስ በጻሕና ብዓል ታክሲ ሓደ ቦታ ትዝ በሎም።

“እዚ ሰላሳ ኣምስተኛ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ስፍራ’ውን ኣብዚ ኣለኩም። ንስም እተን ኣብ እዋን ደርግ ዝነበራ ኣሃዱታት ቦጦሎኒ ዝውክል ስም እዩ፡” በሉና።

“ብተወሳኺ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ ክንዲ ዓይኒ ምድሪ - ሸንቲ ቤት ዝብል ጽሑፍ ዘለዎ ቦታታት ኣሎ። እዚ ነምጽኦ ዘለና ኣብነታት ኣብ ኣስመራ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ብኣዲስ ኣለም ዝጽዋዕ፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ’ውን ኣዲስ ሰፈር፡ ሰላተኛ፡ ኣራተኛ፡ ኣምስተኛ፡ ወዘተ ተባህሉ ዝፍለጥ ከባቢታት ኣሎ። እዚ ኩሉ ግጉይ ስያመታት እዩ።

“እዚ ጥራይ ዘይኮነ ብቓንቋ ጥልያን ዝጽዋዕ ቦታታት’ውን ውሑድ ኣይኮነን። ኣብ ማእከል ኣስመራ ጥራይ፡ ፔቴን፡ ኮምቢሽታቶ፡ ካምቦኒ፡ ላሳለ፡ ፓቮኒ፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ግኑናት ስያመታት ኣለዉ። ስለዚ ኣቃልብሉ ደኣ ‘ዞም ደቀይ። ኣብ ግዜና በቲ ንሕና ንደልዮ ዘይኮነ በቲ ብሓይሊ ክንላበሶ ዝተደልየ መንነት ከም ንኸይድ እዩ ዘገድደና ኔሩ። ንስኹም ግን ኩልኹም ድሕሪ ናጽነት ኢኹም ተወሊድኩም። እቲ ናጽነት ዝወለዶ ውጽኢት መመሊስኩም ኣድምቕዎ፡ ፈሊጥኩም ንዓና’ውን ትእርሙና፡” በሉና።

ብኸምዚ ዓይነት ዕላል መንገዲ ቀሓውታ፡ ማይጭሆት ወዲእና ሜዳ ባሕቲ መስከረም በጻሕና። ብዓል ታክሲ፣

“በሉ ውረዱ’ዞም ደቀይ፣ መንእሰያት እንዲኹም፡ ተመራመሩ፡ ሕተቱ፡ ነገራት ከም ዘለዉዎ ኣይትውሰዱ። ኩሉ ንመንነትኩም ዝገልጽ ከም ዝጎልሕ ግበሩ። ናትኩም ተራ ከኣ ተጻወቱ። ሓደ ንሓደ እናማሃረ እዩ ዝኸይድ እሞ፡ ምስ መዛንኹም ኣብ ትራኹብሉ፡ ከምዚ ዓይነት ዕላላት ኣዕልሉ። ብኣኻትትኩም ደቅና ስክፍታ ስለ ዘለና ኣይኮናን። መሳትኹምን ድሕሬኹም ዝተወልዱን ትማል ትማል፡ ዝገበርዎ ቅያ ንዓና ሓበን እዩ። ነገር ኣቦ ከይተርፍ ግን፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ደቀቕቲ ዝመስሉ፡ ግን ከኣ መንነትኩም ዘየጉልሑ ነገራት ማዕረ ማዕረ እቲ ግዚፍ ዕማምኩም ክትዓይሉ ኢለ እየ ዘረባ ኣብዚሐልኩን እሞ፡ ወድሓንኩም፡” ብምባል ካብ ነፍሲወከፍና 10 ናቕፋ ናይ ታክሲ ሕሳብ ወሲዶም፡ ናይ ኣሽሓት ዋጋ ትምህርቲ ሂቦም ኣፋነዉና እብለኩም።

ከም ለበዋ እዞም ኣቦ፡ እዚ ብገርሂ ኣብ ታክሲ ዝጀመረ ኣርእስቲ ምስ ካልኦት ብጾት ቀጸለ እሞ፡ ሓደ ዓቢ መካትዒ ኣርእስቲ ኮይኑ ቀነየ። እንጥቀመሉ ቋንቋ ሓደ ክፋል መግለጺ መንነትና እዩ። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ረቛሒታት ሓያል ሕብረተሰብ’ውን እዩ። ህዝብታት ኣፍሪቃ ብሰንኪ መግዛእታዊ ጽልዋ ከይኮነ ኣይተርፍን ዝተሓናፈጸ ቋንቋታት ክዛረቡ ንሰምዕ ኢና። ብኸም ብዓል ፈረንሳ፡ ኢንግሊዝ፡ ዝተገዝኣ ሃገራት ኣፍሪቃ ብፍላይ ካብ ቋንቋኦን ንላዕሊ ነቲ መግዛእታዊ ቋንቋታት እየን ዝመልካ። ኣብ ሓንቲ ምልእቲ ሓሳብ ሕውስዋስ ናይ 2 ወይ 3 ቋንቋታት ክትሰምዕ ንቡር ተርእዮ እዩ። ነቲ መበቆላዊ ቋንቋታት ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንናኣህሰሶ ይኸይድ።

ናይ ሰባት ኮነ፡ ናይ ቦታታት ስያመታት ድማ ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ሃገራውያን መለለይታት እዮም። ብሰንኪ መግዛእቲ ይኹን ካልእ ጽልዋታት ብልምዲ እንጥቀመሎም ምስ ታሪኽና ኮነ ሕብረተሰብና ዝኾነ ምትእስሳር ዘይብሎም ስያመታት ግን ውሑዳት ኣይኮኑን። ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣብ ሃገርና ብልምዲ እንዘውትሮም ኣብነታት ብዙሕ ምምጻእ ይከኣል እዩ። እዚ ተርእዮ ተወራራሲ ባህሪ ስለዘለዎ ድማ ካብ ሓደ ወልዶ ናብቲ ካልእ ብኣፍልጦ ዘይኮነ ብልምዲ እናተሰጋገረ ይኸይድ። ንሱ ከይኮነ ኣይተርፍ እዞም ኣቦ፡ “ንቲ ኣብ ግዜና ዝነበረ ኣበሃህላ ክትጥቀመሉስ መዓስ ዓመት ኮን ኢኻ ተወሊድካ?” ዝብል ንኹልና ዝምልከት ኣገዳሲ መበገሲ ሕቶ ዘቕረቡ።



# ሩፍታ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ
tum.tes.88@gmail.com

## ዝተመቕለት ልቢ

ሳልሳይ ክፋል

"እሞ ድልየታ እንተ ኾይኑ እንታይ ክትገብሪያ ትኽእሊ። ጓል 30 ዓመት፡ እሞ ድማ ምህርቲ፡ ኣብ ዘየርብሓ ነገር ክሳብ ክንድኡ ትቃለስ ኢልኪ ትሓስቢ?

"ኣበይ'ሞ ትፈልጣ ንሸኻ!"

ኣነ ዛንታኣ መምሃሪ እንተ ኾነ ንኸተዘንትወለይ ኢለ'የ መጺአ'ምበር ኣብ ዘይምልከተኒ ነገር. . .?"

"ኢታ ከመይ ገይረ ኣብ'ዚ ወዲ'ዚ ከም ዘጣግዓ እኮ'ዩ ጠፊኡኒ ዘሎ። ኣይ ኑቶም ወለድና ሓጊዙ ኣይ ሓዳራ ገይራ፤ ክሳብ መዓስ እያ ዞርሞ ዞርሞ ኾይና ክትነብር? ጸባሕከ እንታይ እያ ክትከውን" ብሕርቃን ኣማረረት ሰዋራ።

ነገራቱ ጋን ኩሁ። ኣነ ዝረኸብኩዎ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ንዓመታት ከም ዘታለላ ዝተገልጸ ሰብ ተጋላጊሉ፡ ምስ ካልእ ንዓኣ ዝኸውን ደላዪ ንቓልቲዳኝን ሓዳርን ከም ዝወደኣት'ዩ። ዕላል ሰዋራ ግን ካልእ ኩይኑ ጸኒሑ።

ስለ'ዚ ድማ "ንጽባሕ እንደገና ከተራኽብኒ ትኽእሊዶ?" በልኩዋ።

"ንሱ ደኣ ጸገም የብሉን። ጽባሕ ሓዚየ ክመጽእ እኽእል'የ" በለትኒ።

"ግን ንብይንና ከዛራርባ እንተ ዘኽእል ደስ ምበለኒ። ናትኪ ዘረባ ደስ ኣይበሎን ማስለ።"

"ሽግር የለን። ባዕላ እያ ምስኣ ክመጽእ ደልያ እምበር፡ ኣነ መዓስ ኩይነ" ምስ በለትኒ፡ ንጽባሒቱ ሒዛታ ንኽትመጽእ ብቖጸራ ተፈላለና።

ኣብ ቴለፎን ምስ ሰዋራን ምስኣን ተዘራሪብና። ኣብ መውዓእታኡ ምስ ራህዋ ንድሕሪ ክልተ መዓልቲ ክንራኸብ ብቴለፎን ተቛጺርና። ዛንታ ራህዋ ንኽሰምዖ ሃረርታ ዘሕደረለይ፡ ዝተሓላለኸ ኩይኑ ስለ ዝተሰማዓኒ ኣብ ወሽጣ ዝዓበጠቶ ምስጢር ከም ዘሎ ኣመት ስለ ዝረኸብኩን እዩ። ከምኡ ድማ፡ ዋላ'ኳ ዝርርብና ናብ ሕርቃን ከም ዘቕየር እንተ ነበረ፡ ናይ ሰዋራ ግሉጽነትን ናጽነትን ኣይጸላእኩዎን ነይረ። ሓፍታ ከይተሓብኦት ንኸተዕልል እትገብሮ ዝነበረት ምድፍፋእን ምቕሉዕን እውን ምጠቐመ ነይሩ። እንተ ኾኑ ንብይና ከዛራርባ ስለ ዘይሰማማዕና፡ ሰዋራ ምስኣ ኣይክትህሉን'ያ። ድሓያ ንኸትሓብኣ፡ ዝደለየቶ ንኸትቅይርን ዕድል ስለ እትረኽብ ግን ሓቅነት ናይ'ቲ እትህቦ ሓበሬታ ዘተኣማምን ደዩ ኣይኩነን ሽዑ ዝረኣ'ዩ።

ከም እትመጽእ ምጥርጣር ነይሩኒ። ፈጠው ኢላ ዝፈጸት ጓል፡ ብቐሊሉ ትምለስ ገይረ ኣይወሰድኩዎን። ትምጻእ ኣይትምጻእ ግን ኣብ መዓልቲ ቦታን ቆጸራና ኣቐዲመ ተረኺቡ። ብዙሕ ኣይተጸበኹን። ናብ'ቲ ኣቐዲምና ዝተራኸብናሉ ባር ምስ ሰዋራ ክኣትዋ ምስ ረኣኹወን፡ ንብይና ከዛራርባ ምኽንያይ ምስ ሰዋራ ተረዳዲእና ስለ ዝበርና፡ ብሓንሳብ ምምጽአን ባህ ኣበለኒ።

ሰዋራ'ያ ገና እትው ክትብል ከላ ብኣዒንታ ፈቲሻ ምስ ረኸበትኒ፡ ክምስ ኢላ ዓይና ዝጸቐጠትለይ። 'ስሊጡና'ዩ ጸገም የለን' ዝዓይነቱ ምልክት'ዩ። ሒዛታ ከም እትመጽእ ብርእሰእምነት ስለ ዝነገረትኒ ደሞ፡ ዘረባኣ ንመደዓዓሲ ከም ዘይኮነ ኣእሚናትኒ።

ኣኩዳደና ራህዋ 'ደበል' ዘበል'ዩ። ምስ ቅርጻን ሕብሪ ቆርበታን ዝኸይድ፡ ንቕርጻ ኣጉሊሑ ዘርኢ፡ ጽፍፍ ዝበለ ክዳን። እታ ከም ዘሎቶ እውን ጸባቒኣ ዘይሕብእ ሰዋራ ግን ኣብ ኣኩዳደና እትግደስ ኣይትመስልን። ምናልባት ኣደ ቖልዑ ምኳና ክኸውን ከም ዝኽእል ሓሰብኩ። እየም ኣብ ናይ መጀመርታ ርክብና "ባኡር ምስ ባኸታታ" ዝበሉዮም ቀልዑ ብቖጻሪ ክንደይ ከም ዝኾኑ ደኣ ኣይፈለጥኩን እምበር፡ ካብ ዘረባኣስ ብዙሓት ምኻኖም እየ ኣብ ርእሰይ ኣሰፊረዮ። የማናጸጋማ ኣየሕፍራን'ዩ፡ ራህዋ ግን ፈለማ ዕንድዕንድ ኢሉ ናብ ወሽጢ ክትሰግም ከላ'ውን ሕንኸት ከም ዝበራ ግሉጽ ነበረ።



ክሳብ ናባይ ዝቐርባ ብሓሳብ ተባሒተ እየ ዝጥምተን ዝበርኩ። እታ ብሕርቃን ኑዲዳ ብዘየሰንበታ ጠንጢናትና ዝኸደት ራህዋ፡ ተጸቢቓን ጽርደርይ ኢላኒ ወረጃ ወይዘሮ ትመስል ነበረት። ከምኡ'ታ ኣሰንያ ድማ "ብዞዕባ'ቲ ዝሓለፈ እዋን ዝበረቶ "ይቕረታ ግበረለይ። እዛ ቖልዓ እንድያ ዘይዝኑብ እናተዛረበት ኣሕሪቓትኒ" ኢላ ሰላም በለትኒ። ኣብ ከፍ ዝበልኩዎ ሕፍይፍይ እናበልኩ "ጸገም የለን" ኢለያ።

ሰዋራ ከም ኣመላ ምስ ደሙቕ ፍሽኽታኣ "መናተለ ንግዚኡ ኣዕሪፈን ኣለዋ። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ክምለሰ'የን" ኢላ ብኽፈይ ከለኹ ብመንኽባ ሽጸትኒ። 'ከይጀመርና ነገር ግዲ ክትኣጉደልና'ያ' ኢለ እናሓሰብኩ፡ መልሱግበሪ ራህዋ ምስ ተዓዘብኩ፡ ዘይከም ትጸቢተይ ክትሰሕቕ ረኣኹዋ። ናይ ኣሕዋት ነገር ግዲ ኾይኑ፡ ኣይሰሙን ኣይሰልስቲ ተዓሪቐን እየን ተመሊሰናኒ።

ራህዋ ከፍ ኢላ ሰዋራ ግን ገና ደው ኢላ ዘረባ ትቐጽል ብምንባራ፡ ከፍ ንኽትብል ዓደምያ። ኣይመለሰትለይን፤ ከፍ'ውን ኣይበለትን። "በዚን በዚን ጠፋጠፊ፡ ኣስተኻኸለ እየ ኣምጺኣልካ ዘለኹ። ከመይ ኣላ - ቤላዶ ኣምጺኣያ? እዛ ካርታለይ ኣብ ትሕቲ ቖጻጽረይ እያ'ኮ ዘላ" ኢላ መልሰይ ምስ ተጸበየት፡ ሰሒቐ ጥራይ ትም ኢለ። እንደገና ድማ ከፍ ንኽትብል ዓደምያ። "ከመይ ኢለ ከፍ ክብል ሕጂ ደኣ፡ ምሽ ቀይሕ ካርድ ሂብኩምኒ። ናይ ሎሚስ ደሓን ምሽኑ ካልኣይ ጸወታ ከይቅጽዕ እየ ዝፈርሕ ዘለኹ" ኢላ ካዕ ካዕ በለት። ከም ጓል-ኣንስተይቲ ብዛዕባ ኩዕሶ እግሪን ቀይሕ ካርድን ኣፍልጦ ክህልዋ ስለ ዘይተጸበኹ፡ ተደኒቐ ትም ኢለ። ኣሰዒባ "ራህዋተይ - ከም'ታ ዝዘተበሃልናያ ናጻ ኳንኺ ኣዕልልየ። ሎሚ ከም'ዛ ሻወር ናይ ወሽጢ ዝገበርኪ፡ ጸሪኺ ክትወጽኢ ኣለኪ። ጠረጉጥረግ ኣብልየ። ርኢኺዮ ኢኺ ድማ ኑቲ ሓለንጋይ - ከመይ ዝበለ'ዩ" ኢላ እናሰሓቐት ኣተባብዓታ'ሞ፡ "ኣብ'ቲ ከፍ ክበል ዋላስ ተዛዊረ ክመጽኣኩም?" ክትብል ንኽልተና እናጠመተት መልሲ ተጸበየት።

"ኣብ ድላይኪ ኾኒ ደሓን" ራህዋ እያ መሊሳ። "ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ጸውዕኒ፡ ጉዳይኩም ብቕልጡፍ ክፈትሖ'የ" ድሕሪ ምባል፡ ናባይ ብምቅዃር፡ ንሸኻ ኸኣ ሸለል ኣይትበሎ። ከም'ዛ ናይ ፖሊስ ገይርካ መርምራ" ኢላትኒ፡ ኣብ ማዕዶና ጸግዒ መንደቕ ሰድያ ስሒባ ኮፍ በለት። ብመሰረት ስምምዕና ንብይንና ንኽንዘተ'ያ ናጽነት ሂባትና።

ገለ ነገር ተሰማሚዐን ዝመጽኣ ኣየን ዝመስላ፡ እቲ "ሓለንጋይ" ዝበለቶ መን ምኻኑ ክግምቶ ስለ ዘይከኣልኩ፡ ብዞዕባኡ'ውን እሓስብ ነበርኩ።

"መን ደኣሉ'ዚ 'ሓለንጋይ' ትብሎ ዘላ?" በልኩዋ ንራህዋ። ፈለማ ግር ከም ዝበላ ኣትኩራ ጠመተትኒ'ሞ "እህህ. . ትም ኢላ'ያ'ዚኣ፡ ሓደ መሳርሕትና'ዩ" በለትኒ። ጸቡቕ ገይረ ንኽፈልጦ ክሓትታ ደልየ እንተ ነበርኩ'ኳ፡ ተሰኪፈ ትም በልኩ።

ድሕሪ'ዚ ሓጺር ምልልስ፡ ሓንሳብ ትምትም በልና። ሰዋራ፡ ደሮ ንዓና ረሲዓ፡ ኣደህቦኣ ናብ ካልእ ገይራ ነበረት። ብምንታይ ከም ዝጅምረላ እናሓሰብኩ ከለኹ እንደገና "ይቕረታ ብቑዓማይ ስለ ዝሓረቕኩ'የ" በለትኒ። ምስ'ቲ ፈለማ ኣቐዲምና ዝተራኸብናሉ ኩሉ ነገራ ተለዊጡ እዩ። ገና ከይተዛረበት ከላ ንዕላል ክፍትቲ ዝነበረት ኩይና ተሰሚዓትኒ።

"ሎሚ ካብ ናይ ብቑዓማይ ብዝያዳ ጸቢቕኪ መጺእኪ፡ እንታይ ሓድሽ ነገር ኣሎ ደዩ?"

"ዋላ ሓንቲ ሓድሽ የለን። እንታይ ፍሉይነት ርኢኻለይ?

"ኣብ ኣኩዳደናኺ፡ ገጽኪ፡ ምጽብባቕኪ። ማለት'ሲ ብርህርህ ዝበልኪ ትመስሊ ኣለኺ።"

"እንድዒ ንዓይሲ ከሉ ሓደ'ዩ። ከኣ ኖርማል እየ ዘለኹ። ምናልባት ከምኡ ኾይኑ ተራእዩኻ'ሎ ማለት'ዩ"

"ብቑዓማይ ደኣ ኣሕሪቓናኪ ምሽ? ቀልጢፍኪ ክስታይ ኳንኺ?"

"ንሸኻ እንታይ ገይርካ፡ ሰዋራ'ያ ቅጭ ኣምጺኣትለይ"

"ከም ዝመስለኒ ግን ሰዋራ ሓቂ እያ ተዛሪባ?"

"ብኸመይ ከምኡ ኢልካ?"

"ክሳብ ክንድኡ ምሕራቓክስ ኑቲ ሓቂ ምጽዋር ስለ ዘሰኣንክዮ ከይትኾኒ" ክምስታ ሓዊሰ ዋዛ ኣምሲለ እየ ደርቢዮላ።

"ከምኡ ኣይኮነን። እቲ ምግናና እዩ ኣሕሪቑኒ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ንኹሉ ነገር ብዓቕሙ ኢኻ ክትገልጾ ዘሎካ። ሰዋራ ግን ከም ድላያ እያ ትዛረብ"

"ዘጋንነት ኣይመስለንን?" ሰዋራ ስለ ዘይትሰምዓና ንኸይትሓብኦለይ ኢለ እየ ዘንጸፍ ነይረ።

"ኢኢ. . እሞ ንሸኻ ኩሉ ትፈልጦ ኢኻ ማለት ደዩ?"

"ኣይኮነን"

"እሞ ከመይ ገይርካ ትፈርድ ኣለኻ"

"ከምኡ ኾይኑ ተሰሚዑኒ እምበር ርግጸኛ ኣይኮንኩን"

"ደሓን ዝበልካዮ ይኹነልካ" ክምስ በለት።

"ሕጂኸ ተፋቲኽን ዲኽን?"

"ናይ ክልተና ኩራ ደይ ናይ ሓንቲ ሰዓት'ያ"

"እሞ ሎሚስ ብዘይኩራ ናጻ ኳንና ከዕልል ንኽእል ኢና ማለት'ዩ"

"ጸገም የለን"

"እዋራ ከንጽውዓዶ ዋላስ ኣብኡ ትኾኑን?"

"ዋእ . . ኣብኡ ትኹን ግደፋ። ሕጂ ኸኣ ከተጸልለና ዲኻ ደሊኻ!"

ሰኽፍክፍ እናበለኒ ናብ'ቲ ኣቐዲሙ ዘሕረቓ ጉዳይ ኣተኹ። በሊስኩ ብዛዕባ ባህርያት ናይ'ዚ ብቕድሚ ትማሊ ዝተዘራረብናሉ ሰብ ኣዕልልኒ" በልኩዋ።

"ንሱ ደኣ. ." ኢላ ትም በለት'ሞ፡ ደምጻ ኣትሒታ ኣቢላ ዕላል ጀመረትለይ። "ኣነን ንሱን ከም ሓቂ መጀመርታ ተፋቂርና ኢና። ደሓር ግን ጠባዩ እናተቐየረ ምስ መጸ፡ ብዙሕ ግዜ ምጓያየ። መለሱ ክገድድ እምበር ክመሓየሽ ኣይተራእየን። ክሳብ ሕጂ ድማ ብጠባዩና ስለ ዝተሰማማዕና ኣይኮንናን ብሓንሳብ ጸኒሕና። ብዙሕ ነገር በዲሉኒ እዩ። ክቕይር ከም ዝኽእል ሓሰቡ ዘይገበርኩዎ ነገር ኣይነበረን። ግን ንዓይ ክርደኣኒ ንኸኑታተይ ድማ ክርደኣለይ ኣይከኣለን። ብዛዕባ ጸገመይ ዋላ ሓንቲ ኣይገደሶን። ኑቲ ካባይ ዝደልዮ ነገር ክረክብ ጥራይ እዩ ሃፍኛፍ ዝብል። ሰልከዩኒ በቃ" ኢሉ ክትቕጽሎ እናተጸበኹ ወድኣት።

"ግን ክሳብ ሕጂ ትራኸቡ ከም ዘለኹም እያ ሓብሬታ ረኺበ ዘለኹ። ሓቂ ደዩ"

"እወ ንራኸብ ኢና። ግን ክንሰማማዕ ኣይከኣልናን። ንሱ ኻልኡ ኣነ ኻልአ"

"እትራኸቡሉ ዕላማ እንታይ እዩ"

"እንድዒ"

"ብዘይ ዝኾነ ዕላማ ብሓንሳብ ኣለኹም?"

"ወለደይ ዚ ፈሊጦም ሓዳር ንኽንዝብር ጸቒጢ ምስ ገበሩለይ፡ ሓዳር ክንዝብር ከም ዘለና ደጋጊመ እንተ ተዛረብኩዎ፡ መመኽነይታ እናፈጠረ ኣዋርሕ ሓሊፉ። ምኽንያቱ ምስ ኣብየ ግን ኣፋቲሑኒ"

"እሺ'ኸ ምስኡ ክትቅጽሊ ድላይ ነይሩኪ ማለት ደዩ?"

"ኣነ ደኣ'ወ!"

"እንተ ደኣ ግዲ ዘይብሉን ዘየርደኣኪን ኾይኑ ደኣ ንምንታይ ምስኡ ክትቅጽሊ ደሊኺ?" ምስ በልኩዋ፡ ገጻ እሰር ክበል ረኣኹዎ። ርእሳ ኣደኒና ኸኣ "እንታይ ደኣ ክገብር" ኢላትኒ ትም በለት። ከምኡ ምባላ ኣይተረደኣንን። ግና ባዕላ ንኸትቅጽለለይ ተጸበየያ። ኣብ ወሽጠይ ድማ 'ስለምንታይ ኪዳን ኣውሪዳ ክሱ እንደገና ድማ ምስ ዘሰልክያ ሰብ ክትህሉ ትመርጽ. . ." ዝብል ሓሳባት ኣሰላስል ነበርኩ።

ብኡ ኣቢላ ምስ ኣስቀጠት፡ መግኒዲ ንእሽቶ ፍተላ ኢለ "ስለ እትፋቐርዮ ዲኺ?" በልኩዋ።

"እንታይ ክፍቅሮ ደኣ። ኣብኡ ዝበረኒ ፍቕሪ ናብ ጽልኢ ተቐይሩ የቃጽለኒ ኣሎ። ይትረፍ ክፍቅሮ፡ ብዓይነይ ክርእዮ ከም'ን ኣይደልዮን'የ። ካብ ወረዲኒ ግን እንታይ ክገብር እኽእል. . ." ኢላ ኣብ ኣዒንታ ዝተዋህለለ ንብዓት ብኣጻብዕቲ ኣእዳዋ ጸረገቶ። "ምስኡ ክህሉ ኣለኒ። ወይ ድማ ምስ ዝኸውን ይኹን ሰብ ክህሉ የብለይን" ክትብል ድማ ወሰኸት።

"ስለምንታይ እናጸላእክዮ ምስኡ ክትነብሪ ከም ዝመረጽኪ'ኮ ኣይገለጽክለይን?"

"ምርጫይ ንሱ ስለ ዝኾነ፡ ካልእ ምርጫ ስለ ዘይብለይ"

ኑቲ ገሲዩቶ ክትሓልፍ ዝመረጸት ሕቶ ንኸትምልስ ፍቓደኛ ክሳብ እትኸውን ክጭቅጭቃ ኣይደለኹን። ኣብ ሓንጎለይ ዝመጽኡ ሓሳባት ብዙሓት እዮም። ኣብ ሓደ ክረግጽ ግን ኣይከኣልኩን። በቲ ንገጻ ቀልጢፉ ዝኸደና ናይ ጓሂ ደበና 'ገለ ከቢድ ኣጋጢምዋ ክኸውን ኣለዎ' በልኩ። ንህይወታ ዘበላሸ፡ ተስፋ ዘቑረጸ፡ ብቐሊሉ ክጸገን ዘይክእል ኣደራዕ ወሪዱዋ ከይከውን እናሓሰብኩ ደንጊጸ። በቲ ሓደ ምስኡ ክትነብር ከም እትደሊ፡ በቲ ካልእ ድማ ጌሩ ክትርኢ ከም ዘይትደሊ ዝገልጽ ግርምቢጥ ዘረባኣ ድማ ተወሳኺ'ዩ።

'ግድን ምስኡ ንኽትቕጽል ዘገድዳ ከቢድ ጉዳይ እንታይ ይኸውን? ብሕማምዶ ለኪመዋ ይኸውን? ወይ ድማ ገለ ዝፈልጠሉ ምስጢር ሃሊዩ'ሞ ንኸየቃልዓ ከም መፈራርሒ ኾይኑዋዶ ይኸውን?' - ግን መልሲ የለን። ገና ኑቲ ምኽንያት ከይፈለጥኩ "ማሰናኸሉት ኪጋጥሙ ንበር እንደዩ። ስለ'ዚ ተገዲደኪ ኣብ ዘይትደልይዮ ነገር ክትኣትዊ ዘይኩኑ፡ ኣመዛዚንኪ፡ ዘዋጽኣኪ ናይ ምምራጽ እጃም ናትኪ እኮ'ዩ" በልኩዋ።

ራህዋ ኣብ ክንዲ ብቓላት፡ 'መልሲ ካብ ንብዓተይ ርኸቦ' ትብል ክትመስል ብዘይ ቀጥብ ንብዓታ ፈነወቶ። እቲ ክትጸቕጦ ትጋደል ዝነበረት ፊቕፊቕታኣ ድማ ሰዒሩዋ ክስማዕ ጀመረ። ዓቕለይ ጸበበኒ፡ ሰብ ይዕዘበና ምንባርናን ዘይምንባርናን ንኽረጋግጽ የማነጸጋም ቀባሕባሕ በልኩ። ከም ዝሓለፈ ግዜ ብዘረባ ከይትጭርጭሩ ስለ ዝሰጋእኩ፡ ንሰዋራ ክጽውዓ ኣይመረጽኩን። ኩይኑ ግን ንሳ'ውን ኩኑታት ሓፍታ ምስ ረኣየት ብድድ ኢላ ናባና መጸት።

"እሂ ራህዊት ሓፍተይ፡ ኣጆኺ ኣይትብከዪ ጸላኢኺ ይበከ" ብምባል፡ ብደዋ ከላ ሕቖኣ ሰበራ ሓቖፈታ። ጸኒሓ ድማ ኑታ ጥርሓ ዝበረት ሳልሰይቲ ሰድያ ናብ ጥቓ ሓፍታ ስሒባ ኮፍ በለት። "ኣቲ ቖልዓ ዲኺ ሰቕ ኢልኪ ትበኽዩ፡ ዋእእእ . . . ኣኽፊእኪ ሕጅስ - እንታይ ዲና ዝዘተበሃልና" ክትብል ትርር ኢላ ገንሓታ።

"ኩሉ ነገር እንደዩ ተራእዩ። ኣነስ ኣንታይ ክዝብር ተፈጢርኩ. . ." ምስናይ ምንጽቓሳቓ ቀዘመት ራህዋ።

"ኪዱ ኣቲ ራህዊተይ ኣንታይ ጎዲሉኪ ኢኺ ክንድ'ዚ ተማርሪ። ትም በሊ በቃ። ዝሓለፈ ሓሊፉ'ዩ። ህይወትኪ ክትሕደሲ እምበር ክትበኽዪ ዲና መጺእና. . ." ሰዋራ ንፍዕቲ መደዓዓሲትን ኾሓትን ምኻና እውን ኣርእያትኒ።

ይቕጽል. . .

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ኣዣርያ ኣይነኣለም ኪዳነ ተኸሳሲት የርዳኖስ ተከኤ ሃይለ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.43 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ብሪ ድራር ኣብርሃም ተኸሳሲ ኣቶ ኢሰያስ ኣብርሃ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ዓረዛ

ዓይኒታ ጉብረትንሳኤ ዓንደም ምባል ተሪፉ ኮኾብ ጉብረትንሳኤ ዓንደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ታብቱ ፍስሃ ተኣ በዓል ቤተይ ሓይልኣብ ጉብረሂወት ጉብረሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሕመድ መሓመድ ሑመድ፡ ስም ኣደይ ዓረፋት ኣደም ዓሊ ምባል ተሪፉ ዓረፋት በኺት ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኪብራ ይኮኣሎ ባህታ ምባል ተሪፉ ኪብራ ጉብረብርሃን ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መንግስትኣብ ፍሻለ ነጋሽ ምባል ተሪፉ ሃብትኣብ ፍሻለ ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ዓንደጼን ተስፋሚካኤል፡ ስም ወላዲተይ ምሕረት ሃብተ ሃይለ ምባል ተሪፉ ኣኽበረት ጉብረእንድርያስ ጋርዛ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን28/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ኣቶ ተኸለማርያም ከሰተ ካሕሳይን ኣቶ ዘምህረት ከሰተ ካሕሳይን፡ ኣቦና ከሰተ ካሕሳይ ስለዝዓረፈ፡ ንሕና ክልተና ናይ ኣቦሓጎናን ዓባይናን ካሕሳይ በኺት ፋዓርን ዓይነኣለም ዑቕባሚካኤልን፡ ኣብ ቀዋሚ ኮነ ተንቀሳቃሲ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ኣለም ዑቕባሚካኤል ብርሃነ ተኸሳሲ ኣቶ መለስ እስቲፋኖስ ኢብራሂም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ልዋም ቀለታ ክፍለሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ስምኦን ሃብቶም ዑቕባዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣቶ እድሪስ ሓጅ መሓመድዑስማን፡ ስም ኣደይ ከድጃ መሓመድ ዑስማን ምባል ተሪፉ ከድጃ መሓመድዑስማን ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ

ወ/ሮ ፊልሚና ፍራንቸስኮ ከበደብዓል ቤተይ ሳልቫቶረ ፊረ ኣዳስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወረሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓሰና መሓመድ ሳልሕ ምባል ተሪፉ ሓሰና ሸቡን ሳምኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን/28/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ሓይልኣብ ዓንደማርያም፡ በዓል ቤተይ መብራህቱ ምስጦና ነውረዲን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 12 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጉት ኪዳነ ጉብረመድህን፡ በዓል ቤተይ ሙሉጌታ ሓጎስ ኣብርሃ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሰዒድ ሱልጣን መሓመድኑር ምባል ተሪፉ ሰዒድ መሓመድ ሱልጣን መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ብርኽቲ ገ/ኪዳን ተድላ ተኸሳሲ ኣቶ ዓብለሎም ወ/ጉብርኤል ተስፋየናስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ሕርይቲ የማነ ተስፋይ፡ በዓል ቤተይ ተስፋኣለም መንግስትኣብ ባህታ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

የርሳሌም ዘረፈ ኣብረሃም ምባል ተሪፉ የሩሳሌም ጉብረሊባኖስ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸገይ ኣብረሃ ክፍለ ምባል ተሪፉ ጺጋይ ኣብርሃም ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋሽ/ ባርካ ተሰነይ

ሸርፋ ንዕማን ሸኽ ዑስማን ምባል ተሪፉ ሸሪፋ ንዕማን ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን28/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

መሓመድ ዑመር መሓመድ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ፍሉይ መጸውዒ ስሙ ሃዳሙ፡ ፕሎት 62 ፓርሰል G ስፍሓት መሬት 250ት/ሜትር 3 ቀንዲ ክፍሊ 2 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ብስም ገዛኢ ጉብሩ ዝተመዝገበ፡ ብ1999/2000 ዓ.ም ዝዓደግኩዎ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለዝሐትኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂልሉ እንተኣይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ምም. ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና መተኣማመኒ ወረቐት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ መሓመድ ዑመር መሓመድ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ፡ ጎደና ጎልጃ ቁ.ገዛ 1 ሎት 96 ፓርሰል ዞን A ብቑ. ምስክር ወረቐት 102775 መወከሲ. ቁ 114209 ስፍሓት 95.20 ት/ሜ 4 ቀንዲ፡ 2 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ፡ ብስም ወ/ሮ ዘውዲ ስብሃትለኣብ ጉብረትንሳኤ ዝተመዝገበ ብውህብቶ ዝረኸብኩዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለዝሐትኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂልሉ እንተኣይሩ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስትራን ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ መተኣማመኒ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ደሃብ ስሌማን ፊሊ

---



ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!

---

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ

ሞኮብ ቴክስታይልስ ሓዝበማ፡ ኣኼባ ኣባላት ማሕበር ንዕለት 27 መጋቢት 2024 ክግበር ይጽውዕ ኣሎ። ስለዚ፡ ኩሉም ኣባላት ማሕበር፡ ብኣካል ወይ ድማ ብወኪሎቶም ኣብሊም ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ክኾነፉ ይዕድም። ቦታ፡ ኣብ ሓድሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ትካል እዩ።

ሞኮብ ቴክስታይልስ ሓዝበማ

---

ብስም ሓትነይ ጉብርኤላ ጉብረሚካኤል ምራጭ ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ኣኽርያ ከባቢ ምህራም ጭሩ፡ ዚፕ ኮድ 1A159 ጎደና 159-29 ቁ.ገዛ 98 ፕሎት 57 ፓርሰል POP I ዝርከብ፡ መለለዪ ንብረት ASP00010130 ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1BRASM014506/0 ብዕለት 02/08/2018 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ፡ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ንቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ንቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ሃይለ ሃብተ

---

ኣመልካቲት ወረስቲ ነፍ/ያሲን መሓመድ ሰዒድ ዝኾንና፡ ብቑ/መ/1033/2021 ወረስቲ ናይ ኣቦና ምዃንና ዘረጋገጽና፡ ብስም ኣቦና ዝፍለጥ ገዛ ኣብ ዞባ 1 ምም/09 ዝርከብ፡ ብቑ.ሊብሬቶ 116229 መ/ቁ/105233 ዋንነቱ እተረጋገጸ ናይ ዋንነት ሰነድ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፍኣና፣ ረኺቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሎ፡ ብቑ.ተሌፎን 07147279 ይሓብረና። እንተዘይቲይኑ፡ ካብ ኮ/ኣብዪቲ መተካእታ ከምእነውጽእ ነፍልጥ።

ወረ/ነፍ/ያሲን መሓመድ
ወኪል ኣሕመዲን ኑርሑሴን

---

ኣቶ ሰለሙን ክብሮም ዘምህረት፡ ዝተፈቕደለይ ትካል መፍረ ወጽኢት ዕንጨይትን ሓጺንን ስሚንቶን ንግዳዊ ትካለይ "ክብሮም ዘምህረት ትካል መፍረ ወጽኢት ዕንጨይትን ሓጺንን ስሚንቶን "(KBROM ZEMHRET Mfg.OF WOOD,METAL AND CEMENT PRODUCTS) ተባሂሉ ክሰየመለይ ስለዝሓተተ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ምዕሩግ ኣቀባብላ ተገይሩላ

ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ




ኣብ መበል 13 ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ክትወዳደር ዝቐነየት ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ትማሊ ኣብ ዝተመልሰትሉ፡ ምዕሩግ ኣቀባብላ ተገይሩላ።

እዛ ብኽልተኡ ጾታ ዝተሳተፈት ሃገራዊት ጋንታ፡ ፍርቂ መዓልቲ (12:00 ድ.ቀ) እያ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ በጺሓ። ኩሎም ተቐዳደምቲ ኣሰልጠንቶምን ኩኖ ካብ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ሕቑፍ ዕንባባ ተቐቢሎም።

ኣምባሳደር ዘመደ፡ ኣብዚ ኣጋጣሚ፡ ወላኳ ዓወት ድኻምን ረሃጽን ዝሓትት እንተኾነ፡ ሳላ ናይዞም ተቐዳደምቲ ጻዕሪ ግን፡ ዓወት ከምዝተለምደ ኣብሪሁ። “ጊቢ ሃገር ኢኹም ገይርኩም፡ ወላኳ ሓዲሽ ዓወት ኣይኮነን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኣኹም ኮሪዑ እዩ፡ እንቋዕ ኣብቀዓኩም። እዚ ዓወት'ዚ ኩኖ ክቐጽል እምበር ክቋረጽ የብሉን፡ ናብ ሓድሽቲ ክሰጋገር ኣለዎ።” ድማ ኢሉ።

ሓደ ካብቲ ኣካል ናይ'ዚ ስነስርዓት ምቕባል፡ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ኣስመራ ምዛር እዩ ነይሩ። እዛ ሃገራዊ ጋንታ፡ ብጉጅለ ባህሊን ናይ ማውንቴን ባይክ ህጻናት ተቐዳደምትን ተሰንያ ኣብ ዝዞረትሉ ድማ፡ ተመሃሮ፡ ሰራሕተኛታት፡ ብሓፈሻ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝጸንሐ ህዝቢ፡ ፍናን ዘሰንቑ፡ ሓሳፍነት ከኣ ዘሰኑም ሞራል ለገሱላ።



ኣቦይ ዕለት፡ ብዘዕባ ውድድር ንኣሰልጣኒ ደቂ ተባዕትዮ ኣሰልጣኒ ሳምሶም ሰለሙን ኣብ ዝተወከሰናሉ፡ ተወዳደርቲ ከቢድን ምንባሩ ገሊጹ። ከቢድ ምቕትን ጸቕጢን ሓደ ካብቲ ብደሃ ምንባሩ ዝሓበረ ሳምሶም፡ “ወላኳ ኩላተን ሃገራውያን ጋንታታት ተዳልየን እንተመጻ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣልጀሪያን ማውሪሽስን ግን፡ ቀንዲ መወዳደርትና እየን ነይረን፡ ኣብ መዳልያ እውን ተማቒልናዮ። ስለ'ዚ፡ ንሕና ኣብ ኣፍሪቃ ቀዳሞት ኢና ኢልና ክንዛረብ የብልናን።” ኢሉ።

ብዘዕባ ምጉዳል ሄኖክ ምልእብርሃንን ኣኽሊሉ ኣረፋይነን ኣመልኪቱ ከኣ፡ “ሄኖክ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ ናይ ጸርግያ ውድድር ምስ ተጻወተ፡ ክኸይድ ምዃኑ ፈሊጥና ነይርና። ኣኽሊሉ ግን፡ ክሳብ መወዳእታ ምሳና ክም ዘሎ እየ ሓሲበዮ። ይኹን እምበር፡ ጋንታኡ ኢንተርማርሼ ግድነት ክመጽእ ኣለዎ ብምባል ኣብ መንጎ ከይዱ። ንሕና ከኣ፡ ኣኽሊሉ ኣካል ናይታ መጋቢት (ካልኣይቲ ጋንታ) ጋንታ ብምዃኑን ናብ ዓብይ ጋንታ ክሰጋገር ይጽዕር ብምህላዉን ኣይንሰዶን ኢና እንተኢልና፡ ውዕሉ ከይተቋረጸ እሞ፡ ዕድሉ ከይስበር ብምሕሳብ ኢና ሰዲድናዮ።” ኢሉ። ቅያር ተቐዳደምቲ ዘይመወሰዲኣም ምኽንያት ከኣ፡ ብመሰረት መምርሒ፡ ሽዱሽተ ተቐዳደምቲ ጥራይ ስለዝፍቀዶም ምዃኑ ኣረዲኡ። ብዘይካ'ዚ፡ ንፉልማይ ግዜኡ ዝተወዳደረ ሚልክያስ ማእከሉ፡ ተጻዋርነት ኩነታት ኣየር እታ ሃገር ቁሩብ ስለዘሸገሮ፡ ንኽይህሉ ኣብ ወሰናት ውድድር ጥራይ ክእትዎ ምውሳኑ ሓቢሩ።

ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ ምእንቲ ክህልዎና ከኣ፡ ናይ ደገ ዕድል ክኽፈተለን ተማሕጺኑ።

ሓንቲ ካብ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ዝኾነት ኣድያም ዳዊት እውን፡ ናይዚ ውድድር ፋልማይ ተመክሮኣ ከመይ ምንባሩ ኣብ ዝገለጸትሉ፡ “ጸቡቕ ነይሩ፡ እናተወሃሃድና ወዲእናዮ።” ዝበለት እዛ መንእሰይ፡ ኣብቲ ወርቂ ዝወሰደሉ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜትር) ኣብ ጸቡቕ ብቕዓት ምንባረን

ዓሰልጣኒ ደቂ ኣንስትዮ የናስ ዘርኣያስ ብወገኑ፡ ደቂ ኣንስትዮ ንንውሕ ዝበለ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ከምዘይጸንሓ፡ ኣብ ዞባ ማእከል'ውን ከምቲ ዝድለ ነይሩ ክበሃል ከምዘይክኣል ገሊጹ። ቅድሚ ውድድር ግን፡ ናይ ሓደ ወርሒ ዝበርዎ ናይ ልምምድ ግዜ ከምዝሓገዞም ኣረዲኡ። ምስ ፕሮፌሽናላት ተወዳደረን ዝኣድ ወጽኢት ብምምጻአን ከኣ፡ መወዳደርቲ የብሉን ክበሃል ከምዘኽእል ሓቢሩ።

“እዚ ወጽኢት ዘዚ ኣይኮነን፡ ልክዕ እዩ ምስ ፕሮፌሽናላት እየን ተወዳደረን፡ ጋግ ከምዘሎ'ውን የርእየና፡ ዋሕዲ ናይ ኣህጉራዊ ውድድር ተመክሮ፡ ናይ ዞባ ማእከል ውድድር'ውን ደኺሙ ብምዃኑ፡ ኣብ ፈለማ ከምዝጋደሻ ጌይሩወን። ምስ ግዜ ግን፡ እናተመሓየሻ ነቲ ውድድር ክቈጻጸራኦ ክኢለን።” ይብል የናስ። ፕሮፌሽናላት ደቂ ኣብታ ናይ ሕውስዋስ ሪለይ ግን፡ ተኸታታሊ ውድድር ብምንባሩ፡ ቁሩብ ከምዝተዳኸማ ኣረዲኡ፡ ጀማሪ ዘሎ ዕድላት እንተቐጺሉ ኩኖ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ዘይዕወታሉ ኣብኦት ከምዘየለ እምነታ ገሊጹ።

ምስ ተቐዳደምቲ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ብርቱዕ ጸቕጢ እታ ሃገር'ውን ከምዝተቓለሱ ዝሓበረ ምከር ተቐዳዳማይ ዳዊት የማን ብወገኑ፡ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ተቐዳደምቲ ብዘይ ምንባርም፡ ኣብ ገለ ውድድር፡ ናይ ቀዳማይ ወይ ካልኣይ ደረጃ ከምጽኡ ከምዘይከኣሉ ገሊጹ። ንምጉዳል ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ተቐዳደምቲ ሄኖክን ኣኽሊሉን ኩኖ ብመምርሒ ኣሰልጣኒኣም ጉጅለታት ንኸይእከብ (ፋሕ ፋሕ ብምባል) ክዕወቱ ምምዃዎም ጸቡቕ ከምዝኸደሎምን ኣረዲኡ። ብዘይካ'ዚ፡ ኩሎም ኣብኦት እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኤርትራውያን



ተቐማጦ ጋና ንዝገበሩሉም ንዋታውን ሞራላውን ደገፍ ኣማስጊናዮም።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ፡ ኣብዚ ኣብ ጋና - ኣክራ ዝተኻየደ ውድድር፡ ኣብ ኩለን - ሓሙሽተ ዓይነታት ውድድር እያ ተሳቲፋ። ብድምር ክልተኡ ጾታ፡ 13 መዳልያታት ማለት ሓሙሽተ ወርቂ ክልተ ብሩር፡ ሽዱሽተ ከኣ ነሓስ ብምጥልጣል እያ፡ ደሚቓ ተመሊሳ ዘላ።



## ኮርቱዋ፡ ሓዲሽ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ

ሓላዊ ልዳት ክለብ ሪያል ማድሪድ ቲቦት ኮርቱዋ፡ ኣብ እዋን ልምምድ ሓዲሽ መጉዳእቲ ከምዘጋጠሞ፡ ናይ እስጳኛ ጋዜጣ ማርካ ሓቢራ።

ኮርቱዋ፡ ኣብ ቅድመ ምጅማር እዛ ወቕቲ - ወርሒ ነሓሰ ኣብ ጸጋማይ ብርኩ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ እዩ ጸኒሑ። እዚ ቤልጅዩማዊ ብሰንኪ'ዚ ማህሰይቲ ነዛ ዓመተ-ስፖርት ክሳብ ከምዘይኽእል'ውን ተገሚቱ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ ጸቡቕ ምዕባለ የርኢ ምህላዉን ናብ ልምምድ ክምለስ ተቓሪቡ ከምዝርከብን ኪጋዋሕ ቀንዩ እዩ። ናብ ብቕዓት እንተተመለሰ ከኣ፡ ኣብ ወሳኒ መድረኽ ላ'ሊጋን ሻምፕዮንስ ሊግን ንጋንታኡ ዓቢ ሓገዝ ክገብረላ ትጽቢት ተገይሩሉ ነይሩ።

ብቕድሚ ትማሊ፡ ካብ መጉዳእቲ ሓውዩ ናብ ልምምድ ኣብ ዝተመለሰሉ ግን፡ ኣብ የማናይ ብርኩ ሓዲሽ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ኣሎ። ስለ'ዚ እናነበየ ክወጽእ ዝቐሰቦ ሓዲሽ መጉዳእቲ ድማ፡ ነዛ ክንዮ ክልተ ኣዋርሕ ዘይሓልፍ ግዜ ተረፉዋ ዘሎ ዓመተ-ስፖርት ክሰርሕ ይኽእል እዩ። ትማሊ፡ ዕውት ምዃኑ ዝተገለጸ መብጽሒቲ ምኪያዱ ዝሓበረት ጋንታኡ ከኣ፡ ንምሕዋይ ዝጠቕሞ ተወሳኺ መስርሕ ካብ ዝቕጽል መዓልታት ክጅምር ምዃኑ ኣረዲኣ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኮርቱዋ፡ ካብ'ዚ ሓዲሽ መጉዳእቲ ሓውዩ ኣብ ዩሮ 2024 ክጻወት'ውን ትጽቢት ኣይግበረሉን። ዩሮ 2024፡ ካብ 14 ሰነ ክሳብ 14 ነሓሰ ኣብ ጀርመን እዩ ክካየድ።

## ዜና ብሓጺሩ

* ቤት ፍርዲ እስጳኛ፡ ብክሲ ዓመጽ ገበነኛ ኮይኑ ብምርካቡ ተኣሲሩ ዘሎ ዳኒ ኣልቨስ፡ ኣሰታት ርብዒ ካብቲ ክእሰር ተፈሪዱዎ ዘሎ ግዜ ምስ ፈጸመ፡ ብቕድመኩኑት ካብ ቤት ማእሰርቲ ክወጽእ ከምዝኽእል ወሲኑ።

እዚ ብራዚላዊ ናይ ቅድም ብሉጽ ተኸላኻሊ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ንኣርባዕተ ዓመትን መንፈቕን ክእሰር ከም እተፈርደ ይዝከር። በዚ ሓዲሽ ውሳኔ ቤት-ፍርዲ እምበኣር፡ ሓደ ሚልዮን ዩሮ ከፊሉ ብዋሕስ ክወጽእ ይኽእል እዩ - ርብዒ ካብቲ ናይ ማእሰርቲ ግዜኡ ምስ ወድአ።

* ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኣርሰናል ፓል መርሶን ከዕሶ እግሪ ብቑማር (ጠላዕ) ተበላሽዩ እናሃለወ ኢቫን ቶኒን ሳንድሮ ቶናሊን ምቕጻዖም 'ዘሕፍር' ምዃኑ ገሊጹ።

ድሮ ናብ ጸወታ ተመሊሱ ዘሎ ኣጥቃዓይ ብሬንትፎርድ ቶኒ፡ ዝሓለፈ ዓመት 232 ሕግታት ጥሒሱ ተባሂሉ ሸሞንተ ኣዋርሕ፡ ኣከፋፋሊ ኒውካስል ቶናሊ ከኣ ን10 ኣዋርሕ ምቕጻዖም ይፍለጥ።

ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ ተጣላዒ ምንባሩ ዝገለጸ መርሶን ግን፡ ኣብ ኩሉ ማሊያታት ናይ ጠላዕ መወዳወዲ እናተገበረ፡ ንወለፋት ሰባት 10 ወርሒ ምቕጻዕ ሓጊዚ ከምዘይኮነ እዩ ዝዛረብ።

* ኣጥቃዓይ ቶተንሃም ሪቻርሊሶን ዝረኸቦ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓገዝ ኣብ ህወቱ ሓጊዚ ምንባሩ ገሊጹ። ዝሓለፈ ዓመት ብፍላይ ድሕሪ ዋንጫ ዓለም ብቕዓቱ ባይታ ዘቢጡ ዝበረ እዚ ብራዚላዊ፡ ኣብቲ እዋን ስነልቦናዊ ሓገዝ ክሓትት ምዃኑ ሓቢሩ ነይሩ። ተመሳሳሊ ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት'ውን ክጥቀምሉ ተማሕጺኑ።

## መደብ ጸወታ

**ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ**

**ሎሚ**

ደንደን (ከረን) - ደንደን (ማእከል) 2:00 ድ.ቀ

ቀይሕ ባሕሪ - ኣልኣሰር 4:00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ዩኒሴፍ - ህጻናት ሶማል ንምሕጋዝ ገንዘብ ይሓትት

ማሕበር ቁልዑ ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ)፡ ኣብ ሶማል ብሽሕ. ዕልቕልቕን ካልእን ካብ ንብረ ህይወት ተመዛቢሎም ንዝርከቡ ህጻናትን ስድራቤታትን ንምሕጋዝ፡ ኣስታት 189 ሚልዮን ዶላር ባጀት ከምዘድልዮ ኣፍሊጡ።

እቲ ትካል ኣብ ዝሓለፈ. ወርሒ. ለካቲት ጥራሕ፡ ኣብ ሶማል ኣብ ቀረብ ማይ፡ ምክልኻል ሕማም ሽሮኽን ዓጸጦ፡ ትምህርቲን ካልእ ኣገልግሎታትን ዝውዕል - ናይ ኣስታት 4.9 ሚልዮን ዶላር ባጀት ከምዘውጽአ እዩ ገሊጹ።

እቲ ኣህጉራዊ ትካል ከምዝሓበሮ፡ ኣብ ሶማል ልዕሊ. 68,700 ህጻናት፡ ብሽሕ.'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ 'ኤሊ-ኒን' ዝተሰምየ ዘይንቡር ኩነታት ኣየር ዘስዓቦ ዕልቕልቕ፡ ኣብ ሓደጋ ይርከቡ።

በዚ. እዩ እምበኣር 'ዩኒሴፍ'፡ ኣብ ሶማል ንሓደጋ ተቓሊዖም ዘለዉ. ህጻናት ንምሕጋዝ - ምስ ካልኦት ውልቃውያን ትካላት ብምትሕብባር፡ ተወሳኺ. ባጀት ብምስላዕ ቅልጡፍ ሰብኣዊ ደገፍ ክገብር ዝጽውዕ ዘሎ።



## ትካላት ኢንዶነዥያን ማሌዥያን ፍርያት ማክዶናልድ የጉድላ




እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብእትፍጽሞ ዘላ ሓያል ደብዳብ ዝተቖጥዑ ዓበይቲ ትካላት ንግዲ - ኢንዶነዥያን ማሌዥያን፡ ፍርያት 'ማክዶናልድ' ከምዘጉደሉ ተቓሊሑ።

ኣመሪካዊ ትካል ስሉጥ መግቢ. (ፋስት ፉድ) ዝኾነ ማክዶናልድ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ወርሒ. ብኣሸሓት ዝቑጸር ናጻ ዕሹግ መግቢ. - ንወተሃደራት እስራኤል ብሓገዘ ድሕሪ ምሃቡ እዩ - መሸጣ ፍርያቱ ኣብዘን ሃገራት ክጎድል ጀሚሩ።

እተን ዓበይቲ ትካላት፡ ቁጠዐአን ኣብ ልዕሊ. እስራኤል ንምግላጽ - ኣቓዲመን ኣብ ዝርዝር ዓይነት መግበን (ሜኑ) ኣእቲናኦ ንዝጸንሓ ማክዶናልድ፡ ካብ'ቲ ዝርዝር ክኣልያኦ ይረኣያ ከምዘለዋ እየን ጸብጻባት ዝጠቐሱ።

በዚ. ኸኣ ኣብ ዝሓለፈ. ወርሒ. ለካቲት፡ ዓለማዊ መሸጣ ማክዶናልድ፡ ብ0.7 ሚእታዊት ከምዝጐደለ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኢስያ ዝርከባ ካልኦት ሃገራት'ውን፡ ኣመሪካዊ ትካል መፍረ ቡን 'ስታርባክስ' ኣብ ገጽት መራኸቢታቱ ንእስራኤል ዘለዎ ደገፍ ድሕሪ ምግላጹ፡ መሸጣኡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናጐደለ ክመጽእ ይረአ ከምዘሎ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

## ው.ሕ.ሃ፡ ብጉዳይ ዓለማዊ ዋዒ ናይ ሓደጋ መጠንቀቕታ ኣሕሊፋ

ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብጉዳይ ዓለማዊ ዋዒ፡ ካብ ዝሓለፉ እዋናት ፍልይ ዝበለ፡ ዝለዓለ ናይ ሓደጋ መጠንቀቕታ ከምዘውጽአ ተሓቢሩ።

ትካል ምቁጽጻር ኩነታት ኣየር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝሓለፈ. ሰሉስ ኣብ ዘውጽኦ ሓዱሽ መግለጺ፡ ኣብ ዓመተ-2024 ዝምዝገብ ዘሎ መጠን ዋዒ ኣዝዩ ኣሰካፊ ምዃኑ ብምግላጽ፡ እዛ ዓመት፡ ልዕሊ. ዓመተ-2023 እታ ዝወዓየት ዓመት ክትከውን ከምእትኽእል እዩ ኣጠንቂቑ።

ሃገራት ዓለም ዝ. ተርእዮ ንምቁጽጻር፡ እኹል ዝኾነ ንጥፈታት የዘውትራ ከምዘየለዋ ዝገለጸ እቲ ትካል፡ ከም ሳዕቤኑ - ዓለማዊ ዋዒ ብኣሰካፊ መጠን ይውሰኽ ከምዘሎን ክትቆጻጸሮ ናብ ዘይትኽእል ደረጃ የመርሐ ምህላዉ. ኣፍሊጡ።

ክሊማዊ ለውጢ. ኣብ ዘንጸላልወሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ 2015 ኣብ ፓሪስ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ሕቡራት ሃገራት፡ ልዕሊ. 200 መንግስታት ዓለም፡ መጠን ዋዒ ናብ 1.5 ዲ.ሴ ንምድራት ስምምዕ ከቲሞም እኳ እንተነበሩ፡ ክሳብ'ዚ. ሕጂ እዋን - እቲ ዝተኣትወ መብጽዓታት ብግብሪ ይትግበር ከምዘየለ እዮም ዝተፈላለዩ ክኢላታት ዝሕብሩ።

ካብ ወርሒ. መጋቢት ናይ 2023 ክሳብ ወርሒ. ለካቲት ናይ 2024 ኣብ ዝበረ እዋን ጥራሕ፡ መጠን ሙቐት ዓለምና ብ1.56 ዲ.ሴ ከምዝወሰኸ እዮም እቶም ክኢላታት ብተወሳኺ. ዝሕብሩ።

እዚ. ኸኣ፡ ካብ ኣቓዲሙ ክድረት ዝተወጠነ መጠን ዋዒ ከምዝሓለፎ ተፈሊጡ ኣሎ።

ምጉዳል ከም ሚተይንን ካርቦንዳይክሳይድን ዝኣመሰሉ ቡኩልቲ ጋዛት ኣብ ጠፈር፡ ምስጢጋር ናብ ተሓዳሲ. ጸዓት፡ እቶም ቀንዲ. ካብ'ዚ. ቅልውላው እዚ. ከውጽኡ ዝኽእሉ ኣማራጺታት ምዃኖም'ዩ ክግለጽ ጸኒሑ።

ዓለማዊ ዋዒ. ብዘስዓቦ ዘሎ ሓደጋታትን ሕማማትን፡ ኣብ ዓለም ዓመታዊ ልዕሊ. 315 ሽሕ ሰባት ይሞቱ ከምዘለዉ. ጸብጻባት የመልክቱ።



## 'ኣርመንያ ምስ ኣዘርባጃን ኣብ ውግእ ክትኣቱ ትኽእል እያ' ቀ/ሚ ኣርመንያ

ዝርርብ ሰላም ኣርመንያን ኣዘርባጃንን፡ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ. ቅልጡፍ ኸኣስ ኣብ ዝርእየሉ ዘሎ እዋን፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣርመንያ ኒኮል ፓሺንያን፡ ሃገሩ ነተን ካብ 90ታት ኣትሒዛ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ዝጸንሓ 4 ዓድታት ብዙሉ ናጻ ምስዘይተውጽእ፡ ምስ ኣዘርባጃን ኣብ ካልእ ውግእ ክትኣቱ ከምእትኽእል ኣሚቱ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ዝሓለፈ. ሰሉስ ንዝርርቲ ሰሜን ኣርመንያ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እተን ንልዕሊ. 30 ዓመታት ዝኾነ ተቖማጢ. ዘይብለን ዓድታት፡ ናብ ኣርመንያ ምስ ዘይምለሳ፡ ምስታ ጎረቤት ሃገር ርሑቕ ኣብ ዘይከነ - እኳ ድኣ



ኣብ መወዳእታ ናይዚ. ሰሙን ኣብ ውግእ ክትኣቱ ከምእትኽእል እዩ ኣተሓሳሲቡ።

ኣዘርባጃን ብወገና፡ ምምላስ ናይዘን ስትራተጂካውያን ዓድታት፡ ከም ቀንዲ ማእዝን ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ኣርመንያን ኣዘርባጃንን ዝቐየድ ዘሎ ሰላም ምዃኑ እያ እትጠቅስ።

ኣብ ዝሓለፈ. ወርሒ. መስከረም፡ ሰራዊት ኣዘርባጃን ንኣርመንያ ብምጥዋር፡ ንኣካራኻሪ ዞባ ናጋርኖ-ካራባኽ ዳግማይ ድሕሪ ምቁጽጻሩ፡ ልዕሊ. 100 ሽሕ ዝበጽሑ ኣርመናውያን ነበርቲ እቲ ዞባ ናብ ሃገሮም ከምዝሃደሙ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣርመንያ ኒኮል ፓሺንያንን ፕረዚደንት ኣዘርባጃን ኢልሃም ዓሊየቭን፡ ሃገራቶም ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ፡ ኣብ ሓደ ጽንዑ መርገጺ. ናይ ሰላም ከምዝርከባ እዮም ክገልጹ ጸኒሖም።

## ፓፓ ኒው ጊኒ - ብምህማም መሬት 23 ሰባት ሞይቶም



ኣብ ፓፓ ኒው ጊኒ፡ ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋ ምህማም መሬት - ብውሑዱ 23 ሰባት ከምዝሞቱ፡ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

እቲ ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ውሕጅ፡ ብዙሓት ኣባይቲ ከምዝፈረሱን ሓያሎ ናይ ሕርሻ ቦታትት እውን ምሉእ ብምሉእ ከምእተደምሰሱን ተገሊጹ።

ኣብ ማእከላይ ክፋል ፓፓ ኒው ጊኒ፡ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ መዓልታት እውን ብርቱዕ ዝናብ ክወቅዕ ከምዝኽእል ዝኣመቱ ሰብ-መዚ. ምክትታል ኩነታት ኣየር እታ ሃገር፡ ነበርቲ ጥንቃቐታቶም ክሓይሉ ጸዊዖም ኣለዉ።

መንግስቲ፡ ኑዖም ቡቲ ሓደጋ ዝተሃስዩ ስድራቤታት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ከምዝገበረ ተቓሊሑ።

ፓፓ ኒው ጊኒ፡ ኣብ ዓለም ብሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ. ካብ ዝሳቐያ ዘለዋ ሃገራት - ኣብ መበል 16 ተሰሪዓ ትርከብ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ወድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ቴክኢንሳይት |
| 15:00 | ደኩመንታሪ |
| 15:30 | ፓኖራማ |
| 16:05 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:20 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ማስተዥር |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | መደብ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እትመት |

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ. ፋሚሊ. | 21/03/2024 | ጎደና 195፥6 ከባቢ. ባሕቲ መስከረም፡ ጎኒ ቤት መግቢ. ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565